# ናብ ላቦራቶሪ ሕክምና ምኻድ

## ሓፈሻዊ ሕቶታትን መልስታቱን

ሓኪምካ ወይውን ክኢላ ኣለይቲ ሕሙማት ነርስ፡ ምርመራ ንክትገብር መርኣያ ሒዝካ ናብ ላቦራቶሪ ሕክምና ክትከይድ ኣዚዙልካ ኪኸውን ይኽእል። ኣብ በርነቢ ሕሙም ኼንካ ናብ ላቦራቶሪ ሕክምና ምኻድ ምስ ዘድሊ ኣዘውቲሮም ዝለዓሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም ኣብ ታሕቲ ቀሪቦም ኣለው።

**1.** ላቦራቶሪ ሕክምና እንታይ እዩ ስርሑ?

ላቦራቶሪ ሕክምና ምርመራ ደምን ሽንትን ፈሰስቲ ኣካላትን ይገብር።

**2.** ዶክቶር ናይ ላቦራቶሪ ምርመራ ኪገብር ኣዚዙለይ። ናበይ ከይደ እየ ምርመራ ላቦራቶሪ ኪገብር ዝኽእል?

ዝተኣዘዘልካ ምርመራ ሕክምና፡ ናብ ዝቐረበካ ላይፍላብስ (LifeLabs) ላቦራቶሪ ወይ ከኣ ናብ ክፍሊ ተመላለስቲ ሕሙማት ናይ ፍሬዘር ሀልዝ ሆስፒታላት ኬድካ ክትገብር ይከኣል። ኣብ ገሊኡ ቦታታት ምርመራ ሕክምና፡ ኣቐዲምካ ቆጸራ ምሓዝ የድሊ እዩ። ዝቐረበ ላቦራቶሪ ምርመራ ላይፍላብስ (LifeLabs) ብከመይ ከም እትረክብን ኣቐዲምካ ቆጸራ ብከመይ ክትሕዝ ከም እትኽእልን ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ብምጥዋቕ ሓበሬታ ክትረክብ ይከኣል LifeLabs online location finder ወይ FHA website። ኣብ ገሊኡ ቦታታት ምርመራ ላቦራቶሪ ብዘይ ቆጸራ ብቐጥታ ብምኻድ ምርመራ ክትገብር ይከኣል እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ መስርዕ እተጥፍኦ ግዜ ንምንካይ፡ ኣቐዲምካ ቆጸራ ምሓዝ እዩ ዝምረጽ።

**3.** ቆጸራ ላቦራቶሪ ሕክምና ብኸመይ ክሕዝ እኽእል?

ኣብ ናይ ላይፍላብስ (LifeLabs) ላቦራቶሪ ሕክምና ቆጸራ ንምሓዝ በዚ ዝስዕብ ሊንክ ቅድም ብምምዝጋብ ኪግበር ይከኣል፡ LifeLabs.com። ብኦንላይን ብምምዝጋብ ቆጸራ ኪሕዙ ዘይከኣሉ ናብ ማእከል ሓበሬታ ዓማዊል ብቑጽሪ ተሌፎን 604-431-7206 ብምድዋል ቆጸራ ምሓዝ ይከኣል። ላይፍላብስ ኣቀዲምካ ቈጸራ ኽትገብር ከም ዘሎካ ይምዕድ። ሽዑ መዓልቲ ቆጸራ ክትሕዝ እንተ ኣድልዩካ ገሊኦም ቦታታት ብዘይቆጸራ ብቐጥታ ክትከዶም የፍቅዱ እዮም። ግናኸ ኣየናት ቦታታት ብዘይቆጸራ ክትከዶም ከም ዘፍቅዱ ኣቐዲምካ ምርግጋጽ የድሊ።

ኣብ ክፍሊ ተመላለስቲ ሕሙማት ናይ ፍሬዘር ሀልዝ ሆስፒታላት ዝርከብ ላቦራቶሪ ምርመራ ንምግባር ኣብ ድሕረ-ገጽ ናይቲ ላቦራቶሪ ብምኻድ ቆጸራ ምሓዝ ይከኣል። ኣብዚ ላቦራቶሪታት ቆጸራ ንምሓዝ ቅድም ብኦንላይን ምምዝጋብ የድሊ። ብኦንላይን ምምዝጋብ ዝተጸገሙ ብቑጽሪ ተሌፎን 1-888-442-5227 ምውካስ ይከኣል። ኣብ ገሊኡ ቦታታት ላቦራቶሪ ምርመራ ብዘይ ቆጸራ ብቐጥታ ብምኻድ ምርመራ ክትገብር ይከኣል እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ መስርዕ እተጥፍኦ ግዜ ንምንካይ፡ ኣቐዲምካ ቆጸራ ምሓዝ እዩ ዝምረጽ።

**4.** ላቦራቶሪታት ሕክምና ስለምንታይ እዮም ካብ ሓደ ንላዕሊ መርኣያ ደም ዝወስዱልካ?

ዝተፈላለየ ምርመራታት ዝተፈላለየ ቅጥዕታት ስለ ዘለዎ፡ካብ ሓደ ንላዕሊ መርኣያ ደም ከድሊ ይኽእል እዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ መርኣያታት ደም ኪውሰደካ ከሎ ጎዳኢ ከም ዘይኮነ ምስትብሃል የድሊ። ላቦራቶሪታት ሕክምና ኣብ ሓደ እዋን ካብ ክልተ ማንካ ሸኮር ወይ 30 ሚሊ ሊትሮ ደም ዝበዝሕ ደም ክወስደልካ ኣየድልዮን እዩ።

**5.** ስለምንታይ እዮም ዝተፈላለዩ ኣባላት ሓደ ስድራቤት ኣብ ሓደ ግዜ ቆጸራ ላቦራቶሪ ኪሕዙ ዘይክእሉ?

ላቦራቶሪታት ኣብ ሓደ ቆጸራ ንሓደ ሕሙም ጥራይ እዮም ምርመራ ኪገብሩ ዝኽእሉ። እንተዘይኮይኑ እቲ መስርሕ ምርመራ ኣዝዩ ነዊሕን ነቶም ሰራሕተኛታት ላቦራቶሪ በዳሂ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ሕሙም ምርመራ ላቦራቶሪ ንምግባር ዝተፈላለዩ ቆጸራታት ምግባር የድሊ።

**6.** ወጻኢታት ምርመራ ደም ብመንግስቲ (ማለት **MSP** ) ንኪሽፈነለይ እንታይ ክገብር እዩ ዜድልየኒ?

ምርመራ ደም ንክትገብር፡ ዶክቶር ዝኣዘዘልካ ወረቐት ምርመራ ደም፣ ካርድ ክንክን ጥዕና (ሀልዝ ካርድ) ወይ ወረቐት መንነት ብሪቲሽ ኮሎምብያ (BCID) ሒዝካ ምቕራብ የድሊ። እቲ ምርመራ ዝኣዘዘልካ ዶክተር፡ እቲ ወጻኢታት ብመንግስቲ (MSP) እንተኾይኑ ኣብቲ ወረቐት ኪሕብር ይግባእ። ብመንግስቲ ዝሸፈን ወጻኢታት ላቦራቶሪ በቲ ዓይነት እቲ ዝድለ ምርመራታት፣ ተደልዩ ዘሎ ፍሉይ ምርመራታትን፣ ዘድሊ ተኸታትሊ ክንክንን እዩ ዝውሰን። መንግስቲ ዘይሸፍኖ ዓይነት ምርመራታት ላቦራቶሪ ኣየናይ ከም ዝኾነ ንምርዳእ ሕቶ ቁጽሪ 15 ተመልከት።

**7.** ኣብ ሽዑ መዓልቲ ብህጹጽ ቆጸራ ክሕዝ እንተ ኣድልዩኒ እንታይ እየ ክገብር ዘድልየኒ?

ኣብ ሓደ መዓልቲ ቆጸራ ክትረክብ እንተ ዘይክኢልካ ብቐጥታ ብዘይቆጸራ ናብ ክፍሊ ምርመራ ተመላለስቲ ናይ ላይፍላብስ (LifeLabs) ክትከይድ ዝከኣል እዩ። ከም ሆስፒታል በርናቢ ወይ ሮያል ኮሎምብያ ሆስፒታል ዝኣመሰሉ ሆስፒታላት፡ ኣብ እተወሰነ ሰዓታት ጥራይ ብዘይ ቆጸራ ምርመራ ላቦራቶሪ ይገብሩ እዮም። ኣብ ህጹጽ ኩነታት ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ናይቲ ሆስፒታል ክትከይድ ነተባብዕ።

ገሊኡ ምርመራ ላቦራቶሪ ብህጹጽ ክትገብር ክኢልካ ማለት እቲ ወጽኢት ምርመራ ሽዑ መዓልቲ ክትቅበሎ ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ መስርሕ ገሊኡ ምርመራታት ንውሕ ዝበለ ግዜ ኪወስድ ስለ ዚኽእል።

**8.** ውጽኢት ናይቲ ዝገበርክዎ ምርመራ ብከመይ ኪረኽቦ እኽእል? ውጽኢት ምርመራይ ናብቲ ናብ ሓኪመይ ዝተላእከሉ መዓልቲ ኪረኽቦ እኽእልዶ?

ነኣብቲ ብሎወር ሜይንላንድ ዝፍለጥ ከባቢ ብሪቲሽ ኮሎምብያ (ማለት በርነቢ፣ ኒው ወስትሚኒስተር፣ ኩኩትላም፣ ፖርት ኩኩትላም፣ ፖርት ሙዲ፣ ኣንሞርን ቤልካራ) ዝነብሩ ዕድሚኦም ልዕሊ 16 ዓመት ዝኾነ ሰባት፡ ውጽኢት ምርመራኦም ልክዕ ኣብቲ እቲ ውጽኢት ናብ ሓኪሞም ዝተላእከሉ እዋን ኪርእዩ እንተደልዮም ኣብ ኢንተርነት ኣብ MyCareCompass ብምርኣይ ኪረኽብዎ ይከኣል።

ኣብ MyCareCompass ውጽኢት ምርመራኻ ክትርእን (እንተላይ ውጽኢት ሆልተር)፡ ቆጸራ ክትሕዝን፣ ከምኡውን ካልእ ዝተፈላለየ ነገራት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

**9.** ብዛዕባ ናይ ላቦራቶሪ ምርመራ ውጽኢተይ መን እዩ ዘዛራርበኒ?

ውጽኢት ምርመራኻ ብዝበለጸ ንትርድኦ፡ ምስ ሓኪምካ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። ውጽኢት ናይ ላቦራቶሪ ምርመራኻ ህጹጽ ክንክን ዘድልዮ ኣስጋኢ እንተኾይኑ፡ ሓኪምካ ወይ ሰራሕተኛታት እቲ ላቦራቶሪ ብቕልጡፍ ኪረኽቡኻ ኪጽዕሩ እዮም።

ብዛዕባ ልሙድ ስሩዕ ውጽኢት ምርመራ ንሓኪምካ ከተዘራርቦ እንተ ደሊኻ፡ ደም ንምርመራ ምስ ተወስደካ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ዚኸውን ቆጸራ ግበር።

**10.** ሓደ ሓኪም ሓደ ዓይነት ምርመራ ላቦራቶሪ ክንደይ ሳዕ እዩ ኪእዝዘልካ ዚኽእል?

ክንደይ ሳዕ ምርመራታት ላቦራቶሪ ኪግበር ከም ዝኽእል በዚ ኣውራጃ ዝተደንገገ መምርሒታት ኣሎ። ካብ መጠን ንላዕሊ ምርመራታት ምግባር ኣስጋእነት እኳ እንተዘይብሉ፡ ዘየድሊን ክቡርን ኪኸውን ይኽእል እዩ።

**11. ውጽኢት ምርመራ ናይ ኣባላት ስድራ ቤተይ ክርኢ ይከኣልዶ? ናይ ደቀይ ውጽኢት ምርመራ ምርኣይከ ይከኣልዶ?**

[MyCareCompass](#) ደቒ 16 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ሰባት ኪጥቀሙሉ ይከኣል። ደቒ 19 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ውልቃዊ ሓበሬታ ንምዕቃብ ባዕሎም ኪርእይዎ ግድን እዩ። ውጽኢት ምርመራ ላቦራቶሪ ባዕልኻ ብኦንላይን ክትርእዮ እንተተጸጊምካ ምስ ሓኪምካ ቆጸራ ብምሓዝ ብሓባር ክትርእይዎ ይከኣል።

ውሉድካ ትሕቲ 16 ዓመት እንተኾይኑ፡ ውጽኢት ላቦራቶሪ ኣብ [MyCareCompass](#) ኪትርእዮ ኣይከኣልን እዩ። ናይ ደቅኻ ውጽኢት ምርመራ ላቦራቶሪ ካብ ሓኪም ኢኻ ክትረክብ እትኽእል። ከም ኣማራጺ፡ ውጽኢት ምርመራ ላቦራቶሪ ብወግዒ ክትሓተሉ እትኽእል ቅጥዒ ንምርካብ ናብቲ ምርመራ ዝገበርካሉ ላቦራቶሪ ሕቶ ምቕራብ ይከኣል።

**12. ሓደ ሓኪም ውጺኢት ምርመራ ላቦራቶሪ ንክበጽሖ ክንደይ ዚኣክል ግዜ እዩ ዚወስደሉ?**

ብሓፈሸኡ ድሕሪ ምርመራ፡ ሓኪምካ ውጽኢት ምርመራ ኣብ ውሽጢ 1 ወይ 2 መዓልቲ ክበጽሖ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ገሊኡ ምርመራታት ዝውቱር ብዘይምኧኑ ወይ ናብ ካልእ ላቦራቶሪ ተላኢኹ ስለዝፍጸም ውጽኢት ላቦራቶሪ ንምርካብ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምርመራ ዕሲ ክሳዕ 30 መዓልቲ ኺወስድ ከም ዚኽእል ምስትብህል የድሊ።

**13. ቅድሚ ምርመራ ላቦራቶሪ ምግባረይ ካብ እንታይ ዝኣመሰለ መድሃኒታት ካብ ምውሳድ ኪቝጠብ የድልየኒ? ካብ ገለ ዓይነት ምግቢ ወይ መስተ ኪሕረምከ የድልየኒዶ?**

እዚ ከከም እቲ ዓይነታት ምርመራ ይፈላለ እዩ። እቲ ዝኣዘዘልካ ምርመራ ላቦራቶሪ ንምግባር ኪትገብሮ ብዛዕባ ዘሎካ ምድላው ዝያዳ ሓበሬታ ሓኪምካ ኪህበካ እዩ። ንእተወሰነ ዓይነት ምርመራታት ኪትገብሮ ዝግባኣካ ምድላዋት ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ [ሊንክ](#) ናይ LifeLabs ምጥዋቕ ይከኣል።

**14. ወጻኢታቱ ብብሕቲ ንእትኸፍሎ ምርመራታት ንምግባር ሓኪም ምርመራ ኪእዝዘልካ የድልየካዶ?**

ባዕልኻ ወይ ብብሕትኻ እትኸፍሎ ወጻኢታት ምርመራ፡ ብናይ ሕክምና መድሕን ወይ ኢንሹራንስ ዘይሸፈን ምርመራታት ማለት እዩ። ይኹን እምበር፡ ነዚውን ሓኪም ኪእዝዘልካ የድሊ ምኽንያቱ እቲ ላቦራቶሪ ውጽኢት ምርመራ ናብ ሓኪም ኪልእኮ ግድን ስለዝኾነ።

**15. ኣብ ክፍሊ ተመላለስቲ ሕክምና፡ እንታይ ዓይነት ምርመራታት እየ ባዕለይ ኪኸፍሎ ዘሎኒ?**

ብኢንሹራንስ ሕክምና መንግስቲ (MSP) ዘይሸፈን ወጻኢታት ምርመራ ኣየናይ ምኧኑ ንሓኪምካ ወይ ንላቦራቶሪ ምርመራ ተወከስ። ገለ ካብቲ ብኢንሹራንስ ሕክምና መንግስቲ (MSP) ዘይሸፈን ምርመራታት እዚ ዝስዕብ እዩ፡ ቅድሚ ሕርሲ ዝግበር ጀነቲካዊ ምርመራ፣ ምርመራ ቀልቀል ፕሮተክቲን፣ ፓፒሎማ ቫይረስ ናይ ሰብ፣ ከም እኒ ቪታሚን ዲ ወይ ፒ. ኤ. ዝኣመሰሉ መምዘኒታት ኢንሹራንስ ሕክምና መንግስቲ (MSP) ዘየማልኡ እዮም።

ሓኪምካ፡ ኢንሹራንስ ሕክምና መንግስቲ (MSP) ዘይሸፍኖም ምርመራታት ንምሽፋን ዘኽእል ናይ ምወላ ሕቶ ናብ ወኪል ላቦራቶሪ ኣውራጃ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ከቕርበልካ ይኽእል እዩ። እቲ ሕቶ እንተ ጸዲቑ፡ እቲ ወጻኢታት ኪሸፈን ይከኣል እዩ። ይኹን እምበር እቲ ላቦራቶሪ እቲ ንምርመራ ዘቕረብካሉ መርኣያ ዝቕበል፡ እቲ ምርመራ ብወኪል ላቦራቶሪ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ከም ዝጸደቐ ዝገልጽ ደብዳበ ምስ ዝስነ እዩ።

**16. ላይፍላብስ (LifeLabs) ተንቀሳቓሲ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ኣለዎዶ?**


እወ፡ ላይፍላብስ (LifeLabs) ብናይ ምንቅስቓስ ጸገም ኣብ መናበዪ ንዝእለዩን ካብ ኣባይቶም ዘይንቀሳቐሱ ሰባት ናጻ [ተንቃሳቓሲ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ](#) ይህብ ኢዩ ። እዚ ግን ናይ ግድን ብሓኪምካ ኣቢሉ እዩ ኪግበር ዘለዎ።

## ትርጉማት

| | |
|---|---|
| ቆጸራ | ዕለትን ሰዓትን ኣገልግሎት ኣቐዲምካ ክትሕዝ ከሎኻ |
| ካርድ መንነት ቢ.ሲ ወይ ካርድ ሕክምና | ብህዝባዊ ቍጽሪ ጥዕና ተሰንዩ ብመንግስቲ ዝዋሃብወግዓዊ ናይ መንነት ካርድ |
| ዶክተር | ሓኪም ስድራ ቤትካ ወይ ምርመራ ክትገብር ዝኣዘዘልካ ክኢላ ኣለይቲ ሕሙማት ነርስ |
| FHA | በዓል ስልጣን ጥዕና ከባቢ ፍሬዘር |
| MSP | ኢንሹራንስ ሕክምና መንግስቲ |
| ተመላላሲ ሕሙም | ኣብ ሆስፒታል ብወግዒ ከይደቀሰ፡ እናተመላለሰ ጥራይ ኣገልግሎት ጥዕና ዝረክብ ሰብ |
| PHN | ውልቃዊ ቍጽሪ ኣገልግሎት ጥዕና |
| ዎክ-ኢን | ኣቐዲምካ ቆጸራ ከይሓዝካ ኣገልግሎት ጥዕና ክትረኽብ ከሎኻ |

## መርኣያ ሰነዳት

ፎርም ሕቶ ዝጠልብ ("ሪፈራል") ከም ኣብነት


OUTPATIENT LABORATORY REQUISITION
Please present your Care Card with each Visit

| | | |
|---|---|---|
| Highlighted fields must be completed to avoid delays in specimen collection and patient processsing | For tests indicated with a shaded tick box, consult provincial guidelines and protocols (www BC.Guidelines.ca) | ORDERING PHYSICIAN: ADDRESS, MSP PRACTITIONER NUMBER |
| Bill to ☐ MSP ☐ ICBC ☐ WorkSafeBC ☐ PATIENT ☐ OTHER: | | |
| PHN NUMBER | ICBC/WorkSafeBC/RCMP NUMBER | LOCUM FOR PHYSICIAN: |
| SURNAME OF PATIENT | FIRST NAME OF PATIENT | MSP PRACTITIONER NUMBER: |
| DOB YYYY MM DD SEX ☐ M ☐ F | Pregnant? ☐ YES ☐ NO Fasting? h pc | If this is a STAT order please provide contact telephone number: |
| TELEPHONE NUMBER OF PATIENT | CHART NUMBER | Copy to Physician/MSP Practitioner Number: |
| ADDRESS OF PATIENT | | CITY/TOWN PROVINCE |
| DIAGNOSIS | CURRENT MEDICATIONS/DATE AND TIME OF LAST DOSE | |
| HEMATOLOGY | URINE TESTS | CHEMISTRY |
| ☐ Hematology profile ☐ PT-INR ☐ On warfarin? | ☐ Urine culture - list current antibiotics: | ☐ Glucose - fasting (see reverse for patient instructions) ☐ Glucose hours post meal ☐ GTT - gestational diabetes screen (50 g load, 1 hour post-load) |




ካርድ መንነት ናይ ቢ. ሲ. ወይ ድማ ናይ ሕክምና ካርድ

## *ተወሳኺ ሓበሬታ*

ሞባይልካ ኣብ ልዕሊ ኣብ የማን ዘሎ ምልክት ብምግባር ወይውን ነዚ ዝስዕብ ድሕረ-ገጽ ኣብ ኢንተርነት ብምድህሳስ ተወሳኺ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል፡ [burnabypcn.ca/visiting-the-lab-faqs](https://burnabypcn.ca/visiting-the-lab-faqs)

ብ"ሼርድ-ኬር" ዝተመወለ። ብፕሮጀክት ተበግሶ ደገፍ ንፓቶሎጂካዊ ውሳነታት ናይ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ስድራቤት በርነቢ ዝተዳለወ። ዝተነድፈሉ ዕለት፡ ዲሰምበር 2022